WINNIPEG SCHOOL DIVISION

ሕዳር 23, 2022 Tigrigna Translation

ዝኸበርኩም ወለድን ኣለይትን፥

ብሕዳር 22, ላዕለዋይ ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና ማኒቶባ፣ ዶክቶር ብረንት ሩሰን ከምኡ'ውን ሓላፊት ሕክምና ቀልዑት ኣብ ሄልዝ ሳይንስ፣ ዶክቶር ኤልዛበት ዶይል ብዛዕባ ልዑል ቁጽሪ ሰዓልን ስርዓተ ምስትንፋስን ኣብ ህጻናት/ቀልዑ ብዝምልከት ኣብ ምምሕዳር ከተማ ተራኺቦም ተዘራሪቦም።

ሓበሬታ ክህልወኩምን ውላድኩም ኣብዚ ክረምቲ ምስ ዝጽልኦን ደገፍ ንክትረኽቡን መታን ካብቲ ዝተገብረ ዝርርብ ጽሟቅ እንሆ፥

ካብዚ ናይ ሰዓል ወቕቲ ንውሉደይ ከመይ ጌረ ይከላኸለሉ?
ዶክቶር ሩሰን፥ ኑብሰና ንምክልኻል ንወስዶም ብዙሓት ቀጸላታት ኣለዉ። ክታበታት ከምተወስዱ ምርግጋጽ፣ ምስ ሓመምካ ኣብ ገዛ ምጽናሕ፣ ኣእዳውና ብምሕጻብ፣ ብስነ-ስርዓት ምስዓል (ማለት ዕንጥሾው ክንብልን ክንስዕልን ኣፍና ብግምቦ ኢድና ምሽፋን) ከምእውን ኣብ ህዝባዊ ቦታትት/ሰብ ዝእከበሉ ቦታታት ማስክ ክትጥቀሙ ትኽእሉ።

ውሉደይ መዓስ ክኽተብ ኣለዎ?
ዶክቶር ሩሰን፥ ብዝተኻእለ መጠን ናይ ኮቪድ-19ን ሰዓልን ክታበት ምውሳድ፣ ምስ እትሓምም ድማ ክሳብ ዝሕሸካ ምጽባይ ብድሕሪኡ ምስ ሓካይምኩም እንታይ ክትገብሩ ከምዝለኩም ምዝርራብ

ውሉደይ መዓስ እዩ ካብ ትምህርቲ ወይ መውዓሊ ቀልዑ ኣብ ገዛ ክተርፍ ዘለዎ?
ዶክቶር ሩሰን፥ ልክዕ ምልክታት ምስ ጀመረ፣ ቀልዑ ኣብ ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም። እዚ ዘይፈለጥናዮ ዘለና ናይ ስርዓተ ምትንፋስ ቫይረስ እንተኾይኑ ምልክታት ክሳብ ዝመሓየሸ ኣብ ገዛ ምጽናሕ፣ እዚ ማለት ረስኒ ክሳብ ዝጠፍእን ካልኦት ምልክታት ብንጹር ንሒደት መዓልታት ምስዝመሓየሹን።

ብፍላይ ኮቭድ ምስ ዝኸውን ቅድሚ ናብ ቤት-ትምህርቲ ወይ ናብ መውዓሊ ቀልዑ ምምላስና ካብ ዝተመርመርክሙላ መዓልቲ ወይ ድማ ካብ ምልክት ዝጀመረትላ መዓልቲ ኣትሒዝና እንተ ወሓደ ንሓሙሽተ መዓልታት ኣብ ገዛ ምጽናሕ

ንውላደይ መዓስ ናብ ሕክምና እወስዶ?
ዶክቶር ዶይል፥ ኣብ ዝኾነ ግዜ ውልድኩም ምትንፋስ ምስ ዝሸገር፣ ምንፋሕ መኻፍቲ ኣፍንጫ ክኸውን ይኽእል፣ ከተንፍሱ ከለዉ መሰንገልኦም ጎሊሑ ክርአ ይኽእል ወይድማ ጭዋዳታት ከብዶም እትው ውጽእ ምስ ዝብል ። ሕብሮም ምስ ዝድወን/ምስዝቅየር፣ ኣብ መንጎ ምስትንፋስ ምዕባስ ብፍላይ ንኣሸቱ ዕሽላት ሸዕኡ ኢና ናብ ህጹጽ ረድኤት/ኢመርጀንሲ ክንወስዶም ዘለና።

ካልኦት ምኽንያታት ንህጹጽ ረዲኤት ሆስፒታል ምኻድ ዘድልየኩም፥ ውላድኩም እኹል ፈሳሲ ምስ ዘይወስዱ፣ ትኽስ ምስ ዝብሉን ምስ ዘይበራበሩን፣ ትሕቲ ሰለስተ ወርሒ ህጻናት ረስኒ ምስ ዝህልዎም።

ውሉደይ ብርቱዕ ረስኒ ምስ ዝህልዎ እንታይ እገብር?
ዶክቶር ዶይል፥ ረስኒ ክንቆጻጸረሉ እንኽእለሉ ዝተፈላለዩ መንገድታት ኣለዉ፣ ካብኣቶም፡ ፈሳሲ ብምሃብን ንኽዝሕሎም ፋን ምውላዕን። ብዘይካ እቲ ህጻን ትሕቲ ሰለስተ ወርሒ እንተዘይኮይኑ ብሰንኪ ልዑል ረስኒ ጥራይ ንሆስፒታል ምኻድ ኣይግባእን።

እዚ ዘሎ ሕጽረት ናይ ረስኒ መድሃኒት ጸገም ክኸውን ይኽእል እዩ። ወለዲ ዘለዎም ናይ ዓበይቲ መድሃኒት ከም ታይለኖን (Tylenol) ኣይቢፕሮፍን (ibuprofen) ናብ ፋርማሲ ብምኻድ ናብ ናይ ቀልዑ ዓቀን ብትኽክል ከዳቅቅዎ ይኽእሉ።

ዝኾነ ሕቶ ንናይ ውላድኩም ጥዕና ዝምልከት ምስ ዝህልወኩም ኣብዚ ወብ-ሳይት ብምኻድ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክቡ ትኽእሉ https://sharedhealthmb.ca/patient-care/where-to-go/children-and-teens/ **ወይ ከኣ ናብ ሄልዝ ሊንክስ** (Health Links) **ኣብዚ ቁጽሪ ደውሉ** 204-788-8200.

እዚ ሓበሬታ ሓጋዚ ክኸውን ተስፋ ንገብር ንዓኹምን ንስድራኹምን ከኣ ጽቡቕ ናይ ክረምቲ ግዜ ንምነየልኩም።